**ኣለዉና ኣለዋና ልሳን ስውኣትና**

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*

*በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*



*ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሐልዮት ዘለዎ ባዕልና እንበር ኣይብልንእዩ በልዎ፡ክነድሕኖ እንበር ብዘይ ሃገራዊ ሐይሊ ድራር መዳፍዕ ክንገብሮ ትጽቢት የብሉን ህዝቢ፡ንዘይ ሃገራዊ ሐይሊ ምዕዳም እንትርፎ ንህዝቢ ከድሚ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን ተጠቃሚ።ስለዚ ዓገብ ክብል እዮ ደጋጊመ ትም ኣይብልን ንጥፍኣት ህዝቢ ውዲት እንዳ ተኣለመ፡ ድያብሎስ ወግሔ ጸብሔ ግርጭት እንዳ ኣባልሔ ንህዝቢ ኣጽኒቱ ምስ ጸሔ፡ ኣረኪቡና ከይከይድ ሐዊ ኣብ ኣፍደገና ምስ በጽሔ።ዓሻ ዝተኸሎ ለባም ነይነቕሎ፡ክንዲ ንድሕነት ህዝቢ ባዕልና ንዳሎ፡ብሐላፍነት ዘይስምፆም ሕልና ኣልቦ እንታይ እዩ ዝድረፍ ዘሎ።*

*ኣምንቲ ምንታይ እዩ ከንዲ ጉንበት ህዝቢ ኤርትራ ዝደሚ፡እንባታትን ሩባታትን ሜሬት ኤርትራ ናበይ ከይከይድ ፡ህዝቢ ኤርትራ ንኸይህሉ እንዳ ተሰርሔ፡ይሃሉ ዶ ኣይሃሉ እንዳ ተባህለ፡ንፋስ ኣይነእቱ ባዕልና ንበል፡ዝወሐደ ዋጋ ከፊልና ክነድሕኖ ንህዝብና ካብ ገዝኡ ተጸሪጉ ከይወጽኤ፡ ሕጂ ውን ዓገብ፡ብክልተ ጎራሐት ብሰንኪ ባድመ ንሳልሳይ ግዜ ኣዕናዊ ውግእ ከይተደገመ።*

*ብፍታሄ ደመጥሮስ ትማሊ ምስ ደርጊ ሎሚ ምስ ህግደፍ እምነታትና ክድፈር፡ሕጂ ከኣ ሐንሳብ ኣግኣዚ ሐንሳብ ክተት ሐንሳብ ሐዲሽ ራኢ እንዳበሉ ዕንቅፋት በዚሑና እንበረ፡ ኣለዉና ደቂ ዋዕሮ ሐራስ ነብረ ንጸላኢ ዝምክቱ ብለይቲ ብቐትሪ፡ከም ሜጀር ኣባዲ ሃይሉ በጃ ህዝቢ ሂወቶም ዝምንኑ ኣለዉና ንዓና ዝጽበዩ።እቲ ተልእኾ ዘለዎ ንህላወ ደንበ ተቓውሞ የዳኽሞ ተገምጢሉ ድማ ብኢዳዙር ምስ ህግደፍ ክሰርፆ።ንጉሒላ ሳሕል የሕጉሶ፡ንሕልና ዘለዎ ደም የንብዖ ፖሎቲካዊ ተልእኾ ኣለዎ ንለበዋይ ዝሰምዖ።*

*ስነ ጥባባዊያን ኣለዉና ኣለዋና*
*ተዓወት ዘርእሰናይ ልሳን ስዉኣትና*
*ኣለና ውሕጅ መረብ ገፊዑ ዘየምጸኣና..*

*ስነ ጥበባዊያን ኣጋልጽዎ*
*ሰማዒኹም ብዙሕዩ ኣንጎድጉድዎ*
*ንጽግዕተኛ ዲል ኣይትሃብዎ በልዎ..*

*እቲ ሐደ ላምባ ኣፍሲሱ ሃልሃል የብል*
*ኣለዉና ኣለዋና ግን ሰብ ዕላማ ውዕል*

*ንሐዊ ተጻባእቲ ማይ ኣፍሲሱ ዘዝሕል*
*ህዝበይ ምስ ሃብትኻ ዶ ጾምካ ይዋዓል*
*ብሐደ ድምጺ ንለዓል ህግደፍ ክደሃል..*

*ካብ ኣስላማይ ክስታናይ*
*ኣለዉና ደቂ ሽቃላይ ሓረስታይ*
*ኣለዉና ኢዶም ዘይሃቡ ንካሕዳይ*
*ኪኢላ ምሁር መምህር ተማሃራይ*
*ዘይጠለሙ ሕድሪ ቀዳማይ ዳሕራይ..*

*ኣታ ህዝቢ*
*ብሕጊ በረኻ ክትግዛእ ክሳብ መዓስ*
*ንህግደፍ መክቶም ጽባሕ ከይትጠዓስ*
*እምነትካ ክድፈር ብእፍታሄ ደመጥሮስ*
*ትማሊ ምስ ደርጊ ሎሚ ምስ ድያብሎስ..*

*ሰቒ ምባእ ባዕሉ ይላፋለፍ*
*ጸረ ውድባት ዲኹም ጸረ ህግደፍ*
*ውድባት የለዋን እንዳ በልኩም ሃለፍ..*

*ንውድባት ምብታን ስለ ዝሰኣንኩም*
*ደግሲ ናይ ኢሰያስ ደጊስኩም*
*ውድባት የለዋን ምውጽኢ ኣፍኩም*
*ሕማም እዩ ምሕረት የውርደልኩም*
*ዶ ዋላስ  ይርዳእኩም ክንብለኩም..*

*ንኣሉታውን ኣወንታውን ትደዋውስዎ*
*ግርም ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ክትድምስስዎ*
*ከም ኢሰያስ ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ዘለዎ*
*ንሐርነታዊ ቃልሲ ንግዚኡ ዕንቅፋት ትኾንዎ*
*ግን ከ ኩሉ ክስገርዩ ንኹሉ መወዳእታ ኣለዎ..*

*ወዲ ድሙ ነይገድፍ ግብሪ እሙ*
*እቶም ለይቲን መዓልትን ተንኮል ትኣልሙ*
*ጅግና ትእዛዝ ይጽበሎ ምስ ቅጪ ሕርሙ*
*ቦታ የለን ንዓባይ ትግራይ ዝሐልሙ..*

*ደለይቲ ፍትሒ ዶ ፖለቲክ ተንተንቲ*

ወይ ኢሰያስ ብወዱ ክትካእ ተጻበይቲ
ኣይገርመናን ዩ ጸለመ ለይቲ መዓልቲ
ጭፍራ ህግደፍ ክትካእ ዩ ብደቂ ርስቲ..

ኣስላማይ ክስታናይ  ደቂ ኤረ
ኣለዉና ጀጋኑ ሰብ ቁምጣ ስረ
ምእንቲ ውጹዓት ዝሐድሩ ሐረረ
ኣብኣ ትደዮ ብህዝቢ ዝተቛመረ..

ኣታ ተቖርቂርና ኣብ መንጎ ክልተ
ተላብዩ ስዉእ ሐምድ እድሪስ ዓዋተ
ሐደራ ኢሉና ሸግርና ክንፈትሖ ብዘተ
ዓገብ ዩ ንልቦናና ክትቆጽርዎ ፍርሐተ..

መልሲ ነቶም ኣብቲ የለኹም ኣብቲ
ዓበይቲ ናእሽቱ ብውልቂ ተጻረርቲ
ድሕሪ ውድቀት ህግደፍ ብደቂ ርስቲ
ብቅዋም ዝምራሕ ህዝባዊ መንግስቲ..

ተማሃርሮ ዮሴዩፍ ገብረሂወት ኣጽኒዕኩም ዶ
ኣስተምህሮ ካርታዊ መንነት ንዓመታት ዝኸዶ
ደምና ኣይፈሰሰን ን30 ዓመት ንስግር ማዕዶ
ንኣንድነታዊ ኣስተምህሮ እወ ደጋጊምና ንውግዶ..

ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዘይለበመ
ብውዲት ክንደይ ግዜ ዘይተጠለመ
ምስ ሃብቱ ከሎ ዝደኸየ ዝጠመ
መንዩ ውግእ ዝእውጅ እንዳ ደጋገመ
ንህዝቢ ክጽንት ንጓኖት እንዳ ዓደመ..

ብግብሪ ኣልቦ ሃገር ምስ ህዝባ
ጀጋኑ ሲኢና ኤረትራ ጉድ ረኺባ
ውድባት ኣይተኣከባና እንዳልካ ግም እባ
ክንዲ ኣጆ ኹም ኣጆና ንሕና ንበልጽ ዝብል ዘረባ..

መልሲ ነቶም ኢትዮጵያ ትህረሞ ትብሉ
ክንድኡም ዘይገበርኩም ብኡም ትውዕሉ
እቶም በጃ ህዝቦም ዝተሰዉኡ ዝሰንከሉ

ሰማእታትና ነጻ ኣውጽኡና ኣይኮነን ዝበሉ
ኣዕጥቒና ኢሎም እዮም ሂወቶም ዝኸፈሉ..

ብሐቂ ንፍትሒ ትቃለስ እንተ ኣለኻ
ክንዲ ታ ዋዕሮ ክንዲ ቲ ጅግና ከየሰራሕካ
ዓዲ ጀጋኑ ንጃንዳ ህግደፍ ራሕሪሕካ ወጺኻ
ብሰማእታትና ምውዓል ምሕዳር ይትረፍካ
እመን ኣሉታ ይኹን ኣወንታ ምኺኑ ታሪኽካ..

መዳኸምቲ ቃልሲ ሐዊ ዘናኽሱ
ንቁስሊ ክንዲ ዝፍውሱ የራኽሱ
እንታይ ይፈልዮም ካብ ንሕና ንሱ
ብልዎ ትብሉ ህዝቢ እንታይ ኣቢሱ
ክንዲ ባዕልና ትብሉ ትኾኑ ዋሕሱ
ብመዳፍዕ ነፈርቲ ንህዝቢ ክተደምስሱ..

ብኢድ ኣዙር ምፍተቱ ንዝብኢ
ብትምክሕቲ ሰብ ሐዲሽ ራኢ መጻኢ
ብኣነ ይበልጽ ዝመጽእ ለውጢ ጽባሕ ንርኢ..

ንሎሚ ብኸምዚ ክዛዝሞ ኣነ
ብሜጀር ኣባዲ ሃይሉ ተሐቢነ
ብግብሪ ብጸለመ ዘረባ ዘይኮነ
ትንፋስ ንጹሃት ከድሕን ዝፈተነ
ንስለያ ህግደፍ ርእሰም ምስ በተነ
ጅግና በጃ ህዝቢ ንሂወቱ ዝመነነ..

ኣብ ወርሒ መጋቢት ጅግና ሐሊፉ
ሜጀር ኣባዲ ሃይሉ ታሪኽ ጺሒፉ
ኢዱ ከይሃበ ነቶም ትንፋስ ንጹሃት ዘሕልፉ..

ብርህራሄ ኤረትራዊ ኒሕ
ምስ ብረተይ ዶ ካባኹም ክፈርሕ
ኢሉ ሕጂ ውን ደጊመ ታርኽ ይሰርሕ
ካብ ጭካራኹ ጭማራይ ይበልሕ..

*ኣለዉኻ ዝሕርኑ ህዝበይ*
*ካብ ተጋዳላይ ዋርሳይ*
*ከም ኣባዲ ኢድካ ኣይትሃበ ንጣልማይ*
*እንኮ ፍታሕ ፈታዊን ጸላኢኻን ምልላይ*
*ብረት ኣብ ዓንቀራ ንስለያ ምግሳም ጥራይ..*

*ንምክልኻል ሐይልታት ክላቦ*
*ንተበግሶ ሜጀር ኣባዲ ስዓቦ*
*ንተልእኾ ጭፍራ ህግደፍ ንጸጎ*
*ከም ሸምካ ተኻላኸለሎም ንዓደቦ..*

*ምክልኻል ሐይልታት ንፋስ ኣይተእቱ*
*ኣባዲ ሃይሉ ምእቲ ህዝቢ ሐሊፉ ሂወቱ*
*ኢደኹም ሃቡ በሎም ንስለያ ዑሱባትሸፋቱ..*

*ዋርሳይ ንስለያ ብረትኩም ኣይተውርዱ*
*ከም ኣባዲ ሃይሉ ብድፍረት ዕረዱ*
*ንህዝቢ ኣለና በልዎም መታን ከይስደዱ*
*ህዝቢ ንደቁ ኣሚኑ ክነብር ኣብ ዓዱ..*

*ሹዑ ህዝቢ ቀሲኑ ክድቅስ*
*ባርባራዊ ምሕደራ ህግደፍ ክፈርስ*
*ኣብ ቦቱኡ ግዝኣተ ሕጊ ከነግስ..*

*ንስድራቤት ጽንዓት ጠሊ እኽለማይ*
*ንሕድሪ ዘይጠለመ ጅግና ተጋዳላይ*
*ዓቢ ትምህርቲ ዝሃበ ንእኒ ጣልማይ*
*ንስዉእ ኣባዲ ሃይሉ መንግስተ ሰማይ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረናሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ይንበረልና ዝብሉ*